# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.288 | ረቡዕ 2 ነሓሰ 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ዘይተጸውየሉ ገሰጋስ ኣብ ኤርትራ



ገጽ 3



ገጽ 4
ምስግጋር ክብርታት፡ መሰረት ማሕበራዊ ዕብየት



ገጽ 5
ሓጉስን ሕጉሳትን



ገጽ 7
ሻምፒዮንስ ኩዕሶ ሰኪዔት ተዛዚሙ




# ቤ/ጽ ትምህርቲ ን/ዞባ ጋላ-ነፍሒ ንፉዓት መማህራን ሸሊሙ



ኣብ ዞባ ማእከል - ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ፡ 40 ብሉጻት መማህራን ሸሊሙ።

ብ25 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ'ቲ ቤት-ጽሕፈት መምህር ዳኒኤል ሰለሙን፡ እቶም መማህራን ብሞያዊ ስነ-ምግባር፡ ምድላውን ምትግባርን ወጥን ትምህርቲ፡ ማስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን፡ ምውዳብ ሓጋዚ ትምህርቲ፡ ርክብ ምስ ወለዲ፡ ከምኡ'ውን ተሳታፍነት ኣብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ኣቢጻታውያን ኩይናም ከየጹ ዝጸንሑ ምዃናም ገሊጹ።

ወከል ተሸለምቲ፡ ስለ'ቲ ዝተወደበሎም ምትብባዕ ድሕሪ ምምስጋኑ እቲ ሽልማት - ንዓኣቶም ዝያዳ ንኽሰርሑ ድርኺት ዝፈጥር፡ ንኻልኦት መማህራን ድማ ቅዱስ ቅንኢ ዘሕድር ምዃኑ ኣገንዚቡ።

"ትምህርቲ እምንኩርናዕ መምህር ድማ - ርእሰ-መኣዝን እዩ" ዝበለ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓላፊ ምክትታል ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ መምህር የውሃንስ ሰለሙን፡ ተሸለምቲ ንመጻኢ ብዝሓየለ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

# ማእከል - ፖሊስን ፖሊስ ትራፊክን 96 ከረጺት ደም ለጊሶም

ኣባላት 7 መደበራት ፖሊስ ከምኡ'ውን ፖሊስ ትራፊክ - ዞባ ማእከል፡ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንክ ደም ንምስሳን ብዘወሰድዎ ተበግሶ፡ ካብ 26 ክሳብ 28 ሓምለ ኣብ ዝበጽሑ መዓልትታት 96 ከረጺት ደም ለጊሶም።

እቶም ኣባላት ፖሊስ ብጥርንፍ ንዘወሰድዎ ተበግሶ ዘማስከ - ኣብ ሃገራዊ ባንክ ደም ሓላፊ ኣገልግሎት ልግሲ ደም ኣቶ መሓሪ ኣብርሃም፡ ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ምስ ምዕጻው ኣብያተ-ትምህርቲ ዝኸሰት ዋሕዲ ንምምላእ፡ ሰራሕተኛታት ሚኒስትሪታትን ካልኦት ትካላትን ተመሳሳሊ ተበግሶታት ክወስዱ ጸዊዑ።

ሃገራዊ ባንክ ደምን ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደምን ዘካይድዎ ቀጻሊ ገስጋስን ዝሁብዎ ሓበሬታን ፍረ ይህብ ከምዘሎ ጠቒሱ፡ ድሙ፡ ኣብ ውሽጢ ቀዳሞት 6 ኣዋርሕ ናይ 2023፡ ልዕሊ 7,500 ከረጺት ደም ከምእተኣከበ - እዚ ምስ ካልኣይ መንፈቕ ናይ 2022 ክነጻጸር እንከሎ ዕብየት ከምዘርኣየ እውን ሓቢሩ።

"ደም ምልጋስ፡ ጻውዒት ዘድልዮ ሰናይ ተግባርን ዜግነታዊ ሓላፍነትን እዩ" ዝበሉ እቶም ኣባላት ፖሊስ፡ ሂወት ወጹዓት ወገናት ንምድሓን ክቕጽልዎ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ብኻልእ ወገኑ ስልጠና ተዋፊሮም ኣብ ምክትታል ድሕነት ትራፊክ ጸርግያ ተዋፊሮም ዘለዉ ተሳተፍቲ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ወጻኢታዊ ስራሕ ይዓሙ ከምዘለዉ ተሓቢሩ።

እቶም ተመሃሮ በዚ ኣጋጣሚ፡ ኩሎም ተጠቀምቲ ጽርግያ ኣፍልጦኦም ኣበሪኾም ኣብ ምንቅስቓሶም ጥንቃቐት ክገብሩ ተላብዮም።



# ካልኣይ እብረ ተመሃሮ 11 ክፍሊ ዞባ ማእከል ናብ ሳዋ ወሪዶም



ካልኣይ እብረ ተመሃሮ 11 ክፍሊ ዞባ ማእከል፡ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቶም ንምቕጻልን ኣብ መበል 36 ዙርያ ሃገራዊ ግቡኦም ንምፍጻምን ትማሊ 1 ነሓሰ ናብ ሳዋ ወሪዶም።

ልዕሊ 50 ሚእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ ምዃኖም ዝሓበረ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ መምህር በላይ ሃብተጋብር፡ ኣብ ማስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ክቶዩድ ሳላ ዝጸንሐ ጻዕርን ክምላእ ዝጸንሐ ሕጽረታትን፡ ወጻኢት ተመሃሮ ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ምምሕያሽ የርኢ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ኣብ መበል 35 ዙርያ ካብ ዝተሳተፉ እቶም 44 ሚእታዊት ናይ ዲፕሎማን ዲግሪን ነጥቢ ከምዝምጽኡ ገሊጹ።

እቶም ተመሃሮ፡ መማህራኖምን ወለዶምን ብዘኽሰብሎም መሰረት፡ ድርብ ዕላማታት ሳዋ ንምዕዋት ዘድሊ ምድላዋት ጌይሮም ከምዘለዉ ገሊጾም።

ኣዛዚ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል ሜጀር ሃይለ በራኺ፡ ኣብ ጉዕዞኦም ኣባላት ፖሊስ ትራፊክ ዞባታት ማእከል፡ ዓንሰባን ጋሽ-ባርካን ከምዘሰንይዎም ሓቢሩ።

ቀዳማይ እብረ፡ ብዕለት 28 ሓምለ ከምዝወረዱ ዝዝከር እዩ።

ብዩጀን ፐርየር - 14 ሓምለ 2023

# ዘይተጸውየሉ ገስጋስ ኣብ ኤርትራ

ኤርትራ፥ ኣብ'ቲ ምምሕዳር ዋሽንግተን ቅብል ዝበሎ ወሸጣውን ግዳማውን ፖለሲታቱ ስለ ዘይትቕበሮ፡ ወርትግ ብጸለመታት ምስ ተደወኑት እያ። ናብ ኤርትራ ገጹ ብመራኸቢ ብዙሓን ምዕራባውያን ዝቐንዕ ነቐፌታታት፡ ስርዓት ንምልዋጥ ዕላማ ዘለዎ - ኩሉ ተባሂሉ ትርጉሙ ዝሰሓተ ወይ እውን ዝተማህዘ ዛንታ ኩይኑ እዩ ዝቐርብ። ካብ'ዚ ዛንታ ዝተፈልዩ፡ ሓቅታት ዘለዎ፡ 'ኤርትራ እክይቲ" ካብ ዝበል ርእይቶ ዝወጸእ ሓሳብ - ክኢላታት ኢና ብዝበሉን ብዓበይቲ ማዕከናት ዜናን ከም ወጹእ ፕሮፓጋንዳ እዩ ዝቕጸር። መንደራጋሕ መጥቃዕቲ ኸኣ ይፍንወሉ።

ዝ. ዝበሃል ኩሉ ባዕለይ ብኣካል ንምዕዛብ፡ ኣቐድም ኣብለ ርእየዮ ናብ ዝበርኩ ከባቢታት ኣስመራ፥ ባጽዕ ኣፍዓበት፡ ከረንን ናቕፋን - ኣብ ኢትዮጵያ ዕግርግር ኣብ ዝበረሉ ግዜ ኣብ ታሕሳስ 2021 ተጓዒዘ። ኣብ ጉደናታት ከም ድላየይ እናተንቀሳቐስኩ፥ ኣብ እንዳ ሻሂን ኣብያተ-መግብን ምስ ሰባት ከዕልል ዝኽእል ኣይነበረን። ኩላ ኤርትራ ዘይረ ርእየያ ክበል ኣይክእልን፡ ግና - ነቲ ብመራኸብታት ምዕራባውያን ዝዝርጋሕ ሓብሬታ ዘይቕቡል ዘይሚዛናውን ጉደሎን ከም ዝኾነ ዝገልጹ እኹል ዘተኣማምን ምስክርነት ክሕዝ ክኢለ።

ኤርትራ፥ እቲ ንምዕባለታታ እተካይዶ ብደሆታት ከይተዘከረ፡ ንምኽፋእ ጥራይ ዝፋብረኽ ጠቕነታት - መዳርግቲ የብሉን። ንኣፍሪቃ ዝፈልጥ ኩሉ፥ ኩነታት ኤርትራ ካብ ሃገራት ትሕተ-ሰሃራ ከም ዝፍለ ክስተብሃል ይኽእል እዩ። ምስ ካልኦት ክነጻጸር እንከሎ ድማ ካብተን ብሀርያዊ ጸጋታት ዝሃብተማ ሃገራት ንላዕሊ ኤርትራ ንብደሆታታ ብዘበለጸ ገይራ እያ ትኣልዮ ዘላ።

ኤርትራ፥ ኣብ'ዚ ዞባ ካብ ኬንያ እውን ከይተረፈ - ዝለዓለ ንውሓ ዕድመ ዜጋታት ከተምዝግብ እንከላ ዝተሓተ መጠን ሞት ህጻናት ብምምዝጋብ ካብ ኢጋንዳ ቀጺላ ብኻልኣይ ደረጃ ትስራዕ። ብዝርጋሐ ጸዓት ኤሌክትሪክ ናብ ገጠራት ድማ ካብ ሃገራት ትሕተ-ሰሃራ፥ ኤርትራ ብ10.5% ብልጫ ኣለዋ። መሃይምነት ብምጥፋእ ካብ ርዋንዳን ዛምብያን ዝለዓለ ደረጃ ሒዛ ኣብ እትርከብ ኤርትራ፥ ትምህርቲ ብዘይ ክፍሊት ናጻ እዩ ዝወሃብ። ትምህርትን ህንጻት ሰብኣዊ ዓቕሚን ቀዳምነት ዝተዋህቦ ሃገራዊ ዕማም ምኻኑ ድማ ጣዕሚ ልምዓት ኣፍሪቃ ይገልጽ።

ዳርጋ ኣብ ተቐራረብ እዋን ምስ ኤርትራ ናጽነት ካብ ዝረኸበት ናሚብያ ብዙሓሽ እውን - 80% ካብ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ርሕቀት ናይ ክልተ ሰዓት ስጉሚ - ነቝጣ ትካል ጥዕና ይረኽብ።

ኣብ ዝሓለፉ ሓደት ዓመታት፡ ድኸነት ኣብ ምንካይ ኣጕዓዚ ገስጋስ ከም እተመዝገበ ዝገልጽ ጸብጻብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፥ ኣብ ክሽከን ኣደን ዕሸልን፡ ዝርጋሐ ጥዕና ንግበይቲ ዝኣድ ዓወት ከም እተረኽየ የረድእ።

ሃገራት ምዕራብ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተደራረበ ዓሉቤታት እንዳ ንምንታይ ከም ዝኣለሙ ምኽንቲ ከይጸኽሓ፥ ብደሆታት ኤርትራ ዘይናቱ ትርጉም እናተዋህቦ እዩ ዝግለጽ። ከጸው እቲ ኹሉ እንዳታትን ዝቐርብ ምስምስን ግና፥ መርገጺ ኤርትራ ንጹር እዩ። ሶማልያ ክትግዛዕ ከምዘይተፈቕድ ኤርትራ ብዘርኣየቶ መርገጺ፥ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ 2009 ሰፍ ዘይብል እገዳ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ሸኪሉ። ኣመሪካን ካልኦትን ሃገራት ማእከላይ ኣመሪካ - ኣብ ልዕሊ ኒካራጓ እገዳ ክሕልፉ ኣብ ኣኼባ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ 2023 ኣብ ዝኾስኾሱ ግዜ እውን ኤርትራ ኣብ ጐድኒ ኒካራጓ እያ ቈይማ።

ኣብ ቀረባ እዋን ንጸውዒት "ዝይገዛእ ቀዋሚ መሰላት ንመሰል ርእሱውሴ ፍልስጤማውያን" - ኤርትራ ብዘዋወሉል ናይ ደገፍ ድምጺ ከም ዝሃበትሉ፣ ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ኣብ ዩክረይን ዝፍጽሞ ውግእ ክቕጽሎ ብሕቡራት ሃገራት ዝቐረበ እማመታት - ኤርትራ ንኹሉ ክትነጽጎ እያ ተራእያ።

ሽሕ'ኳ ብምስምስ ሰብኣዊ መሰላት ዝተሸፋፈነ ተቓውሞታት ዝቐርብ እንተኾኑ ኣብ ዓለማዊ መድረኻት ከም'ዚ ዝኣመሰለ ናጻ ፖለቲካዊ መርገጺ ኤርትራ እዩ ቀንዲ ደራኺ ናይ'ቲ ምዕራባውያን ዘርእይዎ ነቐፌታ። ምዕራባውያን ኣብ ኣፍሪቃን ኣብ መላእ ከባቢታት ቀይሕ ባሕርን ምስ ዝርከቡ - ብሕሰም ኣተሓሕዛ ሰብኣዊ መሰላት ዝፍለጡ መንግስታት፥ ጸንዕ ርክባት እኳ እንተሃለዎም፥ ክነቕፉዎም ኣይሰምዑን እዮም።

ጭብጥ ዝኾኑ፡ ኣብ ባይታ ካብ ዝረኣ - ግና ብዙሕ ክዝረበሉ ዘይሰምዕ ሓደ ረቛሒ ምኽንያት ኣሎ። ብዘይካ እቲ ኣብ ዓለም-ለኻዊ ፖለቲካዊ መድረኻት እተርእዮ ናጻ ኣመለኻኽታ፡ ንምዕራባውያን ጸላዕላዒ ዝበል - ምስ'ቲ ምዕራባውያን ንኣፍሪቃ ዝሕንጸጹላ መንገዲ ዘይቃዶ ናይ ብሕታ ዘቤታዊ ራእይ ልምዓት ኣለዋ። ሽሕ'ኳ ብዓለማዊ መለክዒ ዕቤት ኤርትራ ድኻ እንተኾነት፡ ኣማሪጺ ስርዓት-ቁጠባ ኣብ ምምዕባል እትገብሮ ጻዕርታት፡ ምስ ድልየት ምዕራባውያን ዘይሳነድ ብምኻኑ፥ ከም ፋሉል ሃገር ክጥቀንዋ ይሰማዕ እዩ።

ልምዓታዊ መደባት

ብመገዲ ርእሰኻ ናይ ምኽኣል መደባት፡ እታ ሃገር ካብ እትሰርዖም ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነት እዩ። እዚ መደባት እዚ፥ ኣብ ከባቢ 80ታት ብጽዑ-ሊበራላዊ ስርዓት-ቁጠባታት ተጓሒፉ ዝጸንሐ እኳ እንተኾኑ፥ ኣብ ኤርትራ ግና ህያው ኩይኑ ይሰራሓሉ ኣሎ። ብዓይነይ ዝተዓዘብክዎ፥ ኣብ መንነ ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን ኣብ ከባቢ ሓልሓለ ምስ ዝርከብ - ኣብ ምርባሕ ከብትን ወጽኢት ጸባን ሕርሻ ቡን፥ ማንጎ፥ ግሬፕን ኣቦካዶን ዘፍርያ ቁሸታትን ዘሎ ምትሕግጋዝ ምጥቃስ ይከኣል።

እዚ ሕርሻዊ ዋኒን እዚ፥ ብዘይካ እቲ መተባብር ኣብ ምምሕያሽ ዘለዎ ተራ፥ ካብ ግዳም ናብ ሃገር ዝኣቱ ሸቐጣት መገዲ ንምትካእ ተሰሪዑ ዘለዎ እዩ። ኣብ ክንዲ ቀመማዊ ድኹዒ፥ ካብ እንስሳ ዝርከብ ባህርያዊ ድኹዒ ኣብ ኤርትራ ተመሪጹ ከም ዝኾነ እውን ክዕዘብ ክኢለ። ኣብ'ዚ ሕርሻዊ ትካል፥ ሰራሓት ኤርትራ ብዘኾነ ናውቲ ነጠብጣብ ማይ መስኖ ክዕደል እውን ተዓዚበ። ኣብ'ቲ ትካል፥ ኣስታት 2000 ብቀዋሚ ዝተቖጽሩ ሰራሕተኛታት ክህልዉ እንከለዉ፥ ኣስታት 1700 ደቂ'ቲ ከባቢ ኸኣ ብወዕለት ይሰርሑ።

ሰራሕተኛ ዝረኸብዎ ማሃያ ብዙሕ'ዩ እኳ እንተዘይተባህለ፥ ምስ 50% ሳዕለዋይ ጸፍሒ ወርሓዊ ደሞዝ ሰራሕተኛ እታ ሃገር ዝቖጸር እዩ። ፍርያት ናይ'ቲ ሕርሻ ድማ፥ መንግስቲ ቀዳምነት ናብ ዝሀቦም ከም ናይ ዕደና ነቑጣታት ናብ ዝኣመሰሉ ቦታታት ይዕደል። ኣብ ቀረብ ስጋ ዝተበጽሐ ደረጃ እውን ቀሊል ኣይበሃልን። ብዝተወደበ ማሕበራት ኣብ ዝተደኾኑ ናይ መዕደሊ ማእከላት ዝበጽሕ ፍርያት እውን ሓቲተ ከም ዝረኸብክዎ - ብሕሱር ዋጋ ከም ዝሸየጥ ተረዲአ።

ከምዚኦም ዓይነት ሕርሻዊ ዋኒናት፥ ተደጋጊፉ ዝኸይድ ቁጠባዊ ምትእስሰራትን ከባብያዊ ዕዳጋታትን ክፈጥር ይኽእል እዩ። ንውሕስነት መግቢ ሓጊዙ ኣብ ርእሲ ምኻኑ ድማ ሃገር ካብ ግዳም መግቢ ንምእታው እተወጽኦ ናይ ወጻኢ ሸርፊ የሕዊ፣ ዕዳጋታት የረጋግእ፣ እቶት ነብርቲ ገጠር የዕቢ። ጸጋታት ሃገር ብዘዮ̈ኣ ሰሪሑ ሰብኣዊ ዓቕሚ ኣደላዲሉ ንዋኒናት ከመሓድር ዝኽእል መንግስቲ ስለዝኾኑ፥ ኣብ ምምዕባል እትርከብ ዕሸል ሃገር ካብ መንግስቲ ደገፍ እናተገበረላ ክትወስዶ ዝበራ ኣማራጺ እዚ መንገዲ እዚ እዩ።

ዝ. ሕርሻዊ ዋኒን/ትካል ዝተዓዘብ ወገኑ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ - ኣብ ልዕሊ ንግዳዊ ኮርፖረሽን ቀይሕ ባሕሪ ኣብ 202 ንምንታይ እገዳ ኣሕሊፉ ከመዛዘን ይኽእል። ኮርፖረሽን ቀይሕ ባሕሪ ከም ኣቕራቢ ትካል፥ ምስ ጨናፍር ሚኒስትሪ ሕርሻ ስምምዓት የሳልጥ፥ ናውቲ ኣብ ምዕዳግን ኣብ ዝርጋሐ ዕደላታት ናውትን ዓቢ ግደ ስለ ዘበርክት፥ ኣብ ልዕሊ ትካል ቀይሕ ባሕሪ ዝዝበር እገዳ፥ ኣብ ልዕሊ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ነበርቲ ገጠር እገዳ ምሕላፍ ማለት እዩ። ኣብ ልዕሊ እቶም ሓረስቶት ብሰንኪ እቲ እገዳ ክወርድ ዝኽእል ጸገማት ዘርዚርካ ኣይውዳእን። ኣህላኺ ህዝቢ ኸኣ ብናህሪ ዋጋ ፍርያት ሕርሻ ኣብ ጸገማት ይወድቕ።

ኤርትራ፥ ነቲ ንሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ መጻወድያ ዘእቱ ፈተናታት ንምስጋር፥ ብኣጋ እያ ተዓጢቓ መካላኸሊ ኣዳልያ። ብዘይካ ብቑዕ ዓቕሚ ክኢላ ኣብ ዘይተረኽብሉ ኩነታት፥ ኣወፈርቲ ኩባንያታት ወጻኢ ኣብ ኩሉ ጸፍሒ ዕዑ ወዲ ሃገር ክቖጽራ ኣለወን። ኣወፈርቲ ንዝጥቀምሉ ቀረባት ኣብ ውሽጢ ሃገር ክርከብ ብዝኽኣል ጸጋታት ቀዳምነት ክህቡ ኣለዎም። ዳርጋ ኩሎም ኣወፈርቲ ትካላት፥ ብዘይካ እቲ ዝኸፍልዎ ናይ ዋንነትን ግብሪ እቶትን፥ ምስ ኩባንያታት ሃገር ብወሓድ ኣብ 60/40 ብርኪ እዮም ዝዋጽኡ። እዚ ኣገባብ እዚ፥ ኤርትራ ልዑል መጠን ገዝኣዊ እቶት ክትረኽበሉን ዘለዋ ሰብኣዊ ዓቕሚ ኣብ ረቡሓ ከተውዕሎን የኽእላ። ናጻ ዕዳጋ እናተባህለ - ኣብ ዝጸዋዕ ንኹሉ ማሕበረሰባት፥ እቲ ድኹዒ ዝምስረሓሉ ብዙሕ ጸሃያይ ባሕሪ እናማእረሩ ናይ ሰራሕ ዕድላት ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። እዚ ፍርያት እዚ ንፍርያት ድኻሽ ብ28%፥ ንበርበረ ብ17% ክብ ኣቢልዎ ኣሎ። ንዝተወሰኑ ዓይነታት ዕንባባ ኸኣ - ብ20 ሰንቲ-ሜተር ክገዝፉ ኣኽኢልዎም ኣሎ።

ኣቐድም ኣብሉ፥ እቲ ወጽኢት ስጋ ዓሳ ብኢድ እዩ ዝቑራረጽ ነይሩ። ኣብ'ዚ ግዜ ግና፥ ኣብ'ቲ ከባቢ ካብ እተረኽቡ ናውቲ ብሰብ ሞያ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ










ወጽኢት ዕዳጋን እቶትን ዝወሰን ስርዓት-ቁጠባ ኣብ ዝዕብለሎ ዓለም፥ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ዓለምና ከም'ዚ ዓይነት ፖለሲታት ዘማዕበለ ሃገራት የለዋን ክበሃል ይከኣል።

ካብ ጸሃያይ ባሕርን ተረፍ ስጋ ዓሳን፥ ባህርያዊ ድኹዒ ዝምስረሓሉ ትካል ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ እውን - ካብ ዝተዓዘብክዎ ዋኒናት ልምዓት ሓደ እዩ ነይሩ። ኣብ'ዚ እዋን እዚ፥ ወርሓዊ ኣስታት 40 ሽሕ ሊትሮ ፈሳሲ ባህርያዊ ድኹዒ የፍርዩ ኣለዉ። ኣብ ዝቐጽል ክልተ ዓመት፡ ን32 ሽሕ ሄክታር ግራውቲ ዝሽፍን ወርሓዊ ፍርቂ ሚልዮን ሊትሮ ድኹዒ ናይ ምፍራይ መደባት እውን ሒዙም ኣለዉ። ኣብ ገማግም ዝበዓ ዝተገጣጠሙ መሳርሒታት ይዕየ ኣሎ። እቲ ትካል ኣብ ዝተደኮነሉ ሰፈራ፥ ነቲ ድኹዒ መሀብተሚ ዝኾነ 'ዓኹር' ምእንቲ ክርከብ እውን፥ መፍረ ደርሁ ናይ ምትካል መደባት ወጺኡ ደርኩብ። እተን ደርሁ ብዘይካ ድኹዒ ንመግቢ ሰራሕተኛታት ክውዕላ ስለዝኽእላ፥ ኣብ ሰንሰለታዊ መተባብር ኣብነታዊ ዝኾነ ተደጋጊፉ ዝቐጽል ውሑስ ስርዓት-ኣከባቢ ይፍጠር ኣሎ ማለት እዩ።

ብዘቤታዊ ጸጋታት ጥራይ፥ ከባብያዊ ኢንዱስትሪታት ደሰሰኡን ውሕስነት መግቢ ኸኣ ኣተኣማማኒ እናኾነን ይኸይድ።

**ይቕጽል**

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284



## ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ፌደረሽን ሩሲያ
(26 - 31 ሓምለ)




















ዲዛይን ---- ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ -- ሳልሕ ዓብደልቓድር

# ማሕበራዊ ዕብየት

*ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ*

## ምስግጋር ክብርታት፡ መሰረት ማሕበራዊ ዕብየት

ቈልዓ ናብዚ ዓለም ክመጽእ ከሎ ብዙሓ ወለዱ፡ መንኩ፡ ሃገሩን ካልእ መግለጺታቱን ክህልዎ ዝኽእል ሕርያን መረጻን ወሳንነት ክሳብ ዘይሃልዎ፡ ብዙሓ ህይወቱን መፃብርኡን ብቐረባ ዝሕተት ኣካል ክህልው ናይ ግድን እዩ፡፡ ተሓታትነትን ሓላፍነትን ቈልዑ ትወስድ ናይ መጀመርያ ኣካል ስድራ-ቤት ኢያ፡፡ ስድራ-ቤት፡ ካብ ዝዓበየ ክሳብ'ቲ ዝደቀቐ ህይወት ወሉዳ ብቐረባ ብዘጽንዕን ሓልዮትን ከተዕብዮ ሞራላዊ ግዴታ ኣለዋ፡፡ ስድራ-ቤት ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዘለዋ ክእከን ኣተሓሕዛን ብኣንጻሩ ምስ ዝኸውን ግን፡ ክጽዋ ዝዘራእቶ ምዕጻድ ዝሓልፍን ከቢድ ዋጋ ዝሓትትን እዩ፡፡ ዕቱብን ውሕሉልን ኣተሓሕዛን ኣተዓባብያን ቈልዑ፡ ከሎ ጌና ካብ ግዜ ህጻንነት ወይ ቈልዕነት ክጅመር ክኽእል ኣለዎ፡፡ እንተዘይኩነ ብሰንኪ ዝተፈላለየ ርድኢትን ግንዛበን ብኸለልትነት ምርኣይ፡ ደላር ሳዕቤኑ ብወፈራ (ማእቶት) ክጽገን ዝከኣል ኣይኮነን፡፡ ክንዲ ዝኾነ ስድራቤት ህይወት ወሉዳ ብመንጽር ዝወጠኑቶ ኣንፈትን መርሓህይወትን ተኻኺሉ ክዓቢ እንተደልዮዮ፡ ካብ መፈለምታኡ ምስ ዕድሚኡን ኩነታቱን ዝኸዱ ግቡእ ምኽሪን ማዕዳን ክይተሓለለት ክትነህቦ ክትክእል ኣለዋ፡፡

ምኽርን ማዕዳን ንቈልዑ ዚጋጠሞም ጸገማት ብደቂቕ ፈቲሸካ መርሚርካ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣዊ፡ ስምዒታዊ፡ ማሕበራዊን መንፈሳውን ሓገዝ ምሃብ ኮይኑ፡ ኣብ ሞያ፡ ትምህርቲን ረቒቕ ክእለትን ተመርኲስካ መፍትሒ ምብርካት እዩ፡፡ ዝኾነ ይኹን ጉዳዊ ስነምኽታት ምውሳድ፡ ብፍጹም ኣካል ናይ'ዚ ምኽርን ማዕዳን ክኸውን የብሉን፡፡ ከምዚ ዓይነት ሜላ ወይ ኣገባብ ምጥቃም፡ ኣብ ልዕሊ ቈልዑ ዘውርዶ ሃሰያ መዳርግቲ ከምዘይብሉ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ክረጋገጽ ክኢሉ እዩ፡ ዝውሃብ ምኽርን ማዕዳን ብመንጽር ዕድሜ፡ ጾታ፡ ኣካላዊ ቁመና፡ ማሕበራዊ ደረጃን ካልእን ክፈላለ የብሉን፡፡ ስለዚ ኣብ ኣወሃህባ ምኽርን ማዕዳን ኩነታትን ደረጃታትን ሓሊኻ ክወሃብ ከሎ፡ ዝያዳ ኣድማዕን ወጽኢታውን ይኸውን፡፡ ብፍላይ ድማ ምኽርን ማዕዳን፡ በቲ ሓኸልን ሐዚኻ ኣብ ምምሕዳር ምቕጻዕ ቁጠዐ ባህርያት ምንጽብራቕን ካልእን ዝተመርኩሰ እንተኾይኑ፡ ኣብ ባህርያትን ጠባይን ቈልዑ ኣሉታዊ ጽልዋ'ዩ ዝህልዎ፡፡ ዋላ'ኳ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ በብቑሩብ እናተመሓየሸ ዝመጽእ ዘሎ እንተመሰለ፡ ቈልዓ ጥራይ ኣይጥመ ኣይዕረቕ እምበር መቕጻዕቲ ዋላ ሓንቲ ኣይገብርን'ዩ ዝበሃል ኣዘራርባን ኣተሓሳስባን ግሩን ተርእዮ ኮይኑ ይቐጽል ኣሎ፡፡ ከም ሳዕቤኑ ብኸምዚ መዳይ'ዚ ዝዓበዩ ቈልዑ ኣብ መወዳእታኡ ደህላት፡ ርእሰምትእምማን ዝጐደሎም፡ ካብ መሳቱኦም ድሒሮም ኮይናም ክዕብዩን ዘሎ ተኽእሎ ድማ ርሒብ እዩ፡፡

ስድራ-ቤት ናይ መጀመርያ ቤት-ትምህርትን መሰረት ህንጻት ኣእምሮ ዝንጸፈላን ማሕበራዊ ትካል ኢያ፡፡ ቤት ትምህርቲ ድማ ካልኣይቲ ቤቶምን ቀንዲ መሻርኽቲ ስድራቤትን ኢያ፡፡ ቤት ትምህርቲ ብዘይካ እቲ ተዕጥቖም ፍልጠትን ክእለትን፡ ኣብ ምህናጽ ስነምግባር ከምኡ'ውን ክብርታት፡ ልምድታትን ወግዕታትን ሕብረተሰቦም ኣብ ምፍላጥ ዘለዋ ተራን ኣበርክቶን ልዑል እዩ፡፡ ብፍላይ ድማ እቶም ቀንዲን ኣገደስቲን መኹኦም ኣብ ምልላይን ብሓባር ኮይንካ ግዜኻ ምሕላፍን ኣብ ቤት ትምህርቲ እዮም ዝረኽብዎ፡፡ ስለዚ ወህደት ናይ'ዞም ክልተ ኣካላት፡ ኣብ ዕብየትን ምዕባለን ቈልዑ ኣገዳሲ ጫኢታ እዩ፡፡ ወሁድን ጥሙርን ጸምዶ ናይ'ዞም ዝተጠቕሱ ኣካላት፡ ብቑዕን ኣፍራይን ዜጋ ኣብ ምፍራይ ሓጋዚ እዩ፡፡ ሓፈሻዊ ኩነታትን ባህርያትን ቈልዑ ኣለሊኻ፡ ተወሂቡ ባህርያት፡ ጠባይን ካልእን ደቂቕካ ንኽትገጽር ንጡፍ ወህደት ወይ ጸምዶ ወለዲን ቤት ትምህርቲን ኣገዳሲት ኣለዎ፡፡

ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ርድኢትን ትጽቢትን ወለድን መማህራንን ተመሳሰሊ ክኸውን ተመራጺ እዩ፡፡ ብፍላይ ድማ ካብ'ቶም ብኸሎ መዳያቶም ድኻም ዘርእዩን እዋናዊ ሓገዝ ዘድልዮምን ቈልዑ፡፡ እቲ መሰረታዊ ጸገም እንታይ እዩ? ብኸመይ መንገዲ ወይ ኣገባብ ክፍወስ ይኽእል? እንተዘይተኻኢሉ'ኸ እንታይ ኣማራጺታት ክህልው ይኽእል? ዝኣመሰሉ ሕቶታት ቅልጡፍ መልሲ ንምርካብ ንጡፍ ተሳታፍነት ወለዲን መማህርን የድሊ፡፡ ቤት ትምህርቲ ዝምድና ናይ'ዞም ክልተ ኣካላት ንምሕያል፡ እጃማ ከተልዕል ኣለዋ፡፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዝርእዩ ሃንፋት ማእሊያ የብሎምን፡፡ መብዝሕትኡ ግዜ ድማ ድኻሞም ወይ ሕመቕ ቈልዑ ካብ'ዚ ዝተበገሰ ኮይኑ ትረኽቦ፡፡ እቶም ወለዲ ነቶም መማህራን ይወንጅሉ፡፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ እቶም መማህራን ነቶም ወለዲ ይኸሱ፡፡ እዚ ግን ፍጹም ፍታሕ ኣየምጽእን እዩ፡፡ ቀጻሊን ሃናጽን ልዝብን ምብህሃልን ናይ'ዞም ክልተ ኣካላት፡ ኣብ ምዕባለን ዕብየትን ቈልዑ እቲ ወሳንን ኣገዳስን ጉዳይ ምኳኑ ዘጠራጥር ክሳብ ዘይኮነ፡ ጻዕርታት ምሕያል ኣገዳሲ እዩ፡፡

ሚዛን ዘይሓለወ ርድኢት ስድራቤት ኣብ ልዕሊ ቈልዑ፡ ጸገማት ይፈጥር ኣሎ፡፡ ኑቶም ንፉዓት ኢለም ዝኣምኑሎም፡ መጠኑ ዝሓለፈ ሞንሰን ወደሳን ክፀሞዉ ደስምዕ፡፡ ንዘከፍዐ ውላድካ ምትብባዕ ሞራል ናይ ተውዳደርነት መንፈስ ዘለዩልን ቅዱስ ቅንኢ ዝፈጥርን ክልመድ ዝኽበኦ'ኳ እንተኾነ፡ ብዋጋ'ቲ ድኻም ዘርእየ ሞራሉ ዝትንክፍ ክኸውን ኣይግባእን፡፡ ድኹማት ዝበሃሉ ምንጪ ድኻሞም ካብ ካልእ ረቛሒታት (ከም ስድራቤታዊ ጸገም፡ ኣካባቢያዊ ጽልዋ፡ ጽልዋ መጻኡ ወዘተ) እምበር፡ ካብ ንዓኦ ርእሶም ኣይኮነን፡፡ ክንዲ ዝኾነ ቀንዲ ምንጪ ድኻሞም ተለልዩ እዋናዊ ፍታሓት እንተተረኺቡ ዘይልወጡሉ ወይ ዘይመሓየሹሉ ኣብነት የለን፡፡ ኣቦታት ክኾኑ ዝኽእሉ ብዙሓት ዕዉታት ሰባት ክጥቀስ ይኽኣል እዩ፡፡ ውድቀትን ድኻምን ደቆን ብፍላይ ምስ ጥሕሰት ሕግን ክብርታትን ዝተተሓሓዘ ምስ ዝኸውን፡ "ኣይንሕተትን" ብምባል ጾረን ዘራግፋ ስድራቤታት ኣይተሳእናን፡፡ 'ምዒደን መኺረን ረቢሐ እየ እናበለ' እቲ ጾር ናብ እንግድዓ ኮም፡ ሕብረተሰብ፡ ኣገልግሎት ሕጊ ዝህባ ትካላት ወዘተ. ምድርባይ ዳርጋ ልሙድ ተርእዮ እዩ፡፡ ከምዚ ዓይነት ተግባር ኣብ ልዕሊ ውሉድካ ምፍጻም ንጽባሕ ከይበልካ ብዝዕበኻ ሰይድዎ ዝዓቢ ስእሊ ንሓንቲ ካልኢት ሓሲብካሉ'ዶ ትፈልጥ? ይትረፍ'ዶ ሰብ ካብ እንስሳ ዝሓሸን ዝበለጸን ኣእምሮን ባህልን ዘውንን፡ ኣብ ቤትካ ዘለማመድካዮ እንስሳ እውን እንተኾኑ፡ ኣብ ልዕሊኡ ዝፍጸም ጎድኣ ሕነኡ ካብ ምፍዳይ ተዛዚዩ ኣይፈልጥን፡፡ ሳዕቤናት ግጉይ ኣተኣላልያን ክንክንን መዛዙ ኣብ ስድራቤት ጥራይ ከይተሓጸረ፡ ናብ ኮም፡ ሕብረተሰብ፡ ማሕበረሰብን ካልእን ስለዝሰግር ጸገማት ደቅና ብደቂቕ ፈሊጥና ፍታሓት ምንዳይ ኣድላዪ እዩ፡፡ ኣካላዊ መቕጻዕቲ ዘይምጥቃም፡ ከም ምልክት ሕማቕ ወይ ሰንፍና ክውሰድ የብሉን፡፡ ኣብ'ዚ ብዙሕ ዘረባታት ይሰማዕ እዩ፡፡ እንተኾነ ጸገማት ደቅና ብምኽርን ማዕዳን ክፍትሑ ምግባር ልቦና እዩ፡፡ ብኸምዚ መዳይ ድማ ህይወት ስድራቤት ኣገዳሲ ጥጡሕን ምቹእን ክኸውን ይሕግዝ፡፡


ስድራቤታዊ ህይወት፡ ኣብ ዕብየትን ምዕባለን ቈልዑ ዝህልዎ ተራን ኣበርክቶን ቀሊል ኣይኮነን፡፡ መዐቀኒ ስጡምን ርህውን ህይወት ስድራቤት፡ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ዝምድና ማለት ኣብ መንጎ ወላዲን ውላድን እዩ፡፡ ሕልሚ ወይ ባህጊ ነፍሲ-ወከፍ ስድራቤት፡ ደቃ ብጽቡቕ ስነምግባር ተኻኢዶምን ብቑዕ ሞራላዊ ክብርታትን ልምዲታትን ሕብረተሰቦም ሰሪቖምን ምዕባይ እዩ፡፡ እዚ ድማ ቀሊል ስራሕ ኣይኮነን፡፡ ሓንቲ ጀርዲን መልክዕ ዝህልዋ፡ ኩሎም ኣብ ውሽጣ ዘለዉ ዕምባታት ክዕንበቡ ከለዉ'ዩ፡፡ እዚ ድማ ንዓዕን ጻዕረኛን ኩብኳሳይ የድልያ፡፡ ስድራቤት ድማ ልክዕ ከምዚ ዓይነት ክእለት ዘለዎ ኩብኳሳይ የድልያ፡፡ ኣብ ስድራቤት ዘርእዩ ጸገማት ብኣጋኡ ክፍትሑ እንተኾይኖም፡ ወለዲ እኹልን ብቑዕን ክእለት ኣተዓባብያ ቈልዑ ክሀልዎም የድልዮም፡፡ እዚ ድማ ንደቆም መዓስን ኣበይን የተዓብዩን ኣየተዓብዩን ዝወስኑሉ ንጹር ደረት ወይ ወሰን ክፈልጡ ይሕግዞም፡፡ እንተዘይኪኑዩ ኣሉታዊ ዝምድና ክማዕበሉ ይኽእሉ፡፡ ኣብ ህውከት ዘለዋ ስድራቤት ዝዓበዩ ቈልዑ ዘጸንገቶዋ ባህርያትን ጠባይን ኣቢታ ዘዕበዩቶም ስድራቤት ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ኮምን ሕብረተሰብን ዘሕድሮ ጽልዋ ኣሉታዊ ክኸውን እዩ፡፡

ኮምን ሕብረተሰብን ከምዚ ዓይነት ማሕበራዊ ጸገም ኪጋጥሞም ከሎ፡ ዝኽተልዎ ኣካይዳን ኣሃብራን ሚዛናዊ ክኸውን ዘለዎ እዩ፡፡ ኮም ወይ ሕብረተሰብ፡ ሰለ፡ ርግኣቱን ወህደቱን ሓልዩ ክነብር እንተኾይኑ፡ ኣብ ዕብየትን ምዕባለን ስድራቤት ሓያል ወፍሪ ክካየድ ኣለዎ፡፡ ሓያል ስድራቤት ሓያል ኮም ወይ ሕብረተሰብ ይፈጥር፡፡ ስለዚ ኮም ወይ ሕብረተሰብ ሓያልነትን ብቕዓትን ስድራቤት ከረጋግጽ፡ እጃሙ ወይ ብጽሒቱ ክልዕል ይግባእ፡፡

ማሕበራዊ ንጥፈታትና ኣብ ኮም ዝሰረቱ ካብ ጥንቲ ዝጸንሐ ዓንቡ ነውሪ ጌጋ ምባል ብዘይምሕላል ክቕጽልን ሓደሽ ወለዶ ከተርንዮን ይግባእ፡፡ ምኽንያቱ ውላድ ካብ ስድራ-ቤቱን ክበብኡን ተኻጺሉ ክዓበን ክኑብርን ኣይክእልን፡፡ ኣብ ዝለዓለ ንቕሓትን ምዕባለን በጺሐን ዝበሃላ ምዕራባዊ ዓለም፡ ኣብ ማህደር ደቆም ተተኳሲን ተባራዕን ብምዕጣቕ፡ ኣብ ልዕሊ ተመሃሮ ህጻናት ሞትን መቕሰልትን ከምዘውርዱ መዓልታዊ ዜና ኮይኑ ይንገር ኣሎ፡፡ እዚ ኹሉ እንሰምዖ ቅትለት ብሰንኪ ሃገራዊ ትሕዝቶ ምጉዳል ዘይተሰ፡ ዝበቑ ክብርታቶምን ባህሎም ስለዝደርበዩ፡ ካብ ስድራ-ቤት፡ ኮምን ሕብረተሰብን ጀሚሩ ዓንብ ዝብል ስለዘዝተሳእኑ፡ ዝሰዓበ ዘይቅቡል ተግባራት እዩ፡፡ እቲ ዘርጎም ድማ እዚ ከም ምዕባለ ዝሓስቡዎን ጸቡቕ ኮይኑ ዝስመዖምን ዝናፍቕዎን ወገናትና፡ ንውሉዶም 'ዓንብ' ኢልካ ከይትገንሖ፡ 'ጽንጽያ ዓይኑ ከይተንፍረሉ' ብምባል እዮም ዝቖጥዑ፡፡

ብሰንኪ ሸለልትነትን ዘይዕቱብ ኣተሓሕዛን ልሕሉሕ ምቁጽጻርን ስድራ-ቤት ሰዒቡም ዝመጽኡ ጥሕሰታት ክብርታትን በደላትን፡ ሳዕቤኖም ንሓንቲ ንጽል ስድራ-ቤት ዝጸልዉ ጥራይ ዘይኮኑ ብሓባር ንኮም ወይ ሕብረተሰብ ዝትንኩ እዮም፡፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ ክብርታቱ ተዓቂቡም ክኸዱ ዘድልየሉ ምኽንያት፡ ከም'ቲ ወለድና ዝብልዎ፡ "ኣይትብዝሓሉ ኣይመርገምን፡ እንታይ ደኣ ኣይትንፍዑ" ንዝብል ኣበሃህላ ስድራ-ቤታት ጾር ወይ ሰኽም ዘይኮኑ ማእገር ኮይናም ዘሎጊሩ፡ ብሉጻት ዜጋታት መልሚለን ኩስኩሰን ዘፍርያ ምህናጽ እዩ፡፡ እዚ ካብ ውሉድ ወለዶ ክመሓላለፍ ዝጸንሐን ኣብ ውሽጢ ክብርታት ሕብረተሰብ ተደሪዑን ሓይሉን ዝመጸን ተግባራት፡ ወጽኢት ሓያልን ዘይሕለልን ጻዕርታት እዩ፡፡ ቀጻልነቱ ድማ ክውሓስ ክኽእል ኣለዎ፡፡







**ደቡሳይ ሓድሽ**
**ኣሃዱ ኣረጋውያንን ግዱያት**
**ማሕበራዊ ሕሰምን**


### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | TECH IN-SIGHT |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ቴራብ |
| 14:25 | FILM |
| 15:25 | ህርመት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ዓለም ስነ-ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ስርሒት ባረንቱ 1985 |

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

## ሓጐስን ሕጉሳትን

ሻዱሻይ ክፋል

**“ኣብ ሕሰም እንተ'ሊኻ ዋላ ሓደ ሰብ ዝግደሰልካ የለን። እሞ ሕጉስ ክትከውን ጽዓር።” - ሲንትያ ኔልምስ**

“ዝ ዓለም ክንቁጻጸራ ኣይንኽእልን ኢና። ነቲ ንዓለም እንዝህቦ ግብረ መልሲ ጥራይ ኢና ክንቁጻጸር እንኽእል። ሓጐስ ብዓንዱ ርእሱ ምርጫ እዩ። ማሳል ወይ መዳርግ ኣይኮነን።” - ደቪድ ሂል

ስምዒት ፍቕሪ ምፍታው፡ ምቕርራብን ድንጋጸን ሓጐስ ከም ዝፈጥሩልና ርዱእ እዩ። ንፍሲ ወከፍና ሓጐስ ከምጽእ ዝኽእል መሰረት ኣለና። ኣፈጣጥራና ሕውሳትን ተደናገጽትን ንኽንከውን ዝዕድም እዩ። እዚ'ውን ባህርያት ከኣ ቀንዲ መሰረት ሓጐስ ምኻኖም ዘሰሓት ኣይኮነን። ሰብ ምስ ጭውነቱ እዩ ዝፍጠር። እቶም ሕማቓት ባህርያት፡ ጸኒሕና ካብ ከባቢና እንምሃሮም ምኻኖም እዩ ምልክታት ለቃውንቲ ዝምዕዱና።

ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ፈቃራትን ጠቐምቲ ዘለዉ ሰባት ኪንጥምና እንክሎ ክሳብ ክንደይ ከም እንሕጎስ ርዱእ እዩ። ንሕና ኸማን ከም ናቶም ባህሪ ንኽውጥሪ ኢና እንደርኽ። እቲ ምንታይሲ፡ ንዕልና ሕጉሳት ኴንና ክንነብር ስለ እንደሊ።

ነፍሲ ወከፍና ውልድ ክንበል እንከለና፡ ብኢኡ ንብኡ ንጡብ ኣዴና ወይ ንናይ ካልኦት ጸብ ክንጠቡ ፈንጠርጠር ንብል ኢና። እዚ ተግባር ፍቕሪ ወይ ድንጋጸ እዩ። ብዘይ እዚ ተግባር፡ ክቶ ክንነብር ኣይንኽእልን ኢና። እዚ ኣመና ንጹር እዩ። እዚ ተግባር፡ ሓባራዊ ስምዒት ፍትወት እንተ ዘይሃልዩ ከቶ ክማላእ ኣይክእልን እዩ።

ብወገን እቲ ዕሸል፡ ስምዒት ፍትወት ኣብ እታ ጸብ እትልግሰሉ ዘላ ኣደ እንተ ዘይብሉ፡ እቲ ዕሸል ነቲ ጸብ ኣይጠብዎን እዩ። ካብ ወገን እታ ኣደ ወይ ካልእ ጸብ እትልግስ ፍትወት ኣብቲ ዕሸል እንተ ዘይሃልዩ እውን፡ እቲ ጸብ ክርከብ ዝከኣል ኣይኮነን። እዚ መንገዲ ህይወት እዩ። እዚ ክውንነት እዩ።

ኣካላዊ ቅርጺና እምብኣር፡ ንስምዒታት ፍቕርን ድንጋጸን ኣዝዩ ዝሰማማዕ እዩ። ህዱእ፡ ፈቃር፡ ስነ ምግባራዊ ኮንካ ኣእምሮ ኣብ ጥዕናናን ኣካላዊ ጸቡቕ ህላወናን ክሳብ ክንደይ ኣርባሒ ከም ዝኾነ ክንግምግሞ ዝእግም ኣይኮነን። ብመንጸሩ፡ ስምዒታት ጭንቀት፡ ፍርሒ፡ ምትኽኻኽ ከምኡ'ውን ሕርቃን ንጥዕናና ክሳብ ክንደይ ከም ዘሀንዎ ኣይጠፍኣናን እዩ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ስምዒታዊ ጥዕና ብስምዒት ፍትወት ክድንፍዕ ከም ዝኽእል ክንርኢ ንኽእል ኢና። ዝ ንምግንዛብ፡ ካልኦት ሰባት ፍትወቶምን ሰናይ ድሌቶምን ክገልጹልና እንከለዉ ንዘስመዓና ስምዒት ምስትብሃል ጥራይ እኹል እዩ። ናይ ገዛእ ርእስና ስምዒት ፍትወት ወይ ኣመለኻኽታታት ብባህርኡ፡ ብውሽጢ እንታይ ስምዒት ከም ዝፈጥሩልና ምስትብሃል ይከኣል እዩ። እዞም ጸቡቓት ስምዒታትን እወታውያን ባህርያትን እምብኣር፡ ናብ ሕጉስ ህይወት ስድራ ቤታትን ማሕበረሰባትን እዮም ዝመርሑና።

ካብዚ ተበጊስና፡ መሰረታዊ ባህሪ ደቂ ሰብ ጭውነት ዝሓቖፈ ምኻኑ ክንፈልጥ ንኽእል። ክንዲ ዝኾነ፡ ከላትና ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ጭውነት ዘለዎ ኣካይዳ ክንመርሕ ኣለና።

ገለ ሰባት ዝዓም ኣብ ዓለምና ዝረኣዩ ቅልውላዋትን ግርጭታትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ “ከመይ ገይሩ እዩ ፍቕርን ድንጋጸን መፋጥርትና ዝኾውን?” ዝብል ውድዓዊ ሕቶ ዝመስል የልዕሉ። ብርግጽ ከኣ፡ ሕቶ ብዙሓት ሰባት ክኾውን ይኽእል እዩ።

ብርግጽ፡ ኣብ ዓለምና ቅልውላዋትን ምስ ካልኦት እንሰሰታት ብምንጽጻር፡ ኣካላዊ ክፋልና ምናልባት ምሕር ድኹም ክኸውን ይኽእል እዩ። የግዳስ ብምኽንያት ምዕባለ ብልሒ ኣእምሮ ደቂ ሰብ፡ ብርክት ዝበሉ መሳርሒታት ክንጥቀም ክኢልና ኢና። ንከኒታት ኣጺጋሚ ኣከባቢ ንምቅጽጻር ዝተፈላለዩ ኣገባባት ምሂዝና ኢና።

ማሕበረሰብን ኣከባብን ብዘሎምታ



ወጥርን ምህላዎም ዕሽሽ ኢልካ ትሓልፎ ጉዳይ ኣይኮነን። ኣብ ውሽጢ ኣእምሮ ሓደ ሰብ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ስድራ፡ ምስ ካልኦት ሰባት ክንዘሃል እንከለና፡ ብደረጃ ሕብረተ ሰብ፡ ብደረጃ ሃገር፡ ብኣህጉራዊ ጉዳይ፡ … ማእለያ ዘይብሎም ግርጭታትን ቅልውላዋትን እዮም ዝኽሰቱ ዘለዉ። ካብዚ ተበጊሶም ገለ ሰባት፡ ብመሰረቱ ባህሪና ኣጥቃዒ እዩ ክብሉ ይኽእሉ እዮም።

ናብ ታሪኽ ምልስ ኢልና እንተ ረኣና፡ ባህርያት ደቂ ሰብ ካብ ካልኦት መጥባውቲ እንስሳታት ንላዕሊ ምሕር ተጻብኢ እዩ። ገለ ሰባት፡ “ብርግጽ ድንጋጸ ኣካል ኣእምሮና እዩ። የግዳስ ቀጥዓ እውን ኣካል ኣእምሮና እኮ እዩ።” ኢሎም ዝከራኸሩ ኣለዉ። ክልቲኦም ብማዕረ መፋጥርትና እዮም። ንክልቲኦም ዳርጋ ብማዕረ መጠን ኢና እነስተማቕሮም።” ኢሎም ዝከራኸሩ ኣለዉ።

ድንጋጸ ወይ ምብቕባቕ ቀንዲ መሰረት ባህሪ ደቂ ሰብ ምኻኑ ሓያሎ ለቃውንቲ ዝሰማምዕሉ እዩ። እቲ ቐንዲ ዓብላሊ ባህሪ ደቂ ሰብ ንሱ ምኻኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ሕርቃን፡ ጐንጺን ምጽባእን ብርግጽ መፋጥርትና እዮም። የግዳስ ከም ካልኦውያን እዮም ክቕጽሩ ዝኽእሉ። መብዝሕትኦም እዞም ስምዒታት፡ ንሕና ፍቕርን ፍትወትን ንምርካብ ኣብ ጭንቀት ኣብ እንሽመመሉ እዮም ዝኽሰቱ። እዚ'ውን ኣካል እቲ ቐንዲ መሰረታዊ ባህሪና ኣይኮኑን።

ዋላ መጥቃዕቲ የጋጥም፡ እቶም ቅልውላዋት ብሰሪ መፋጥርቲ ባህርያት ደቂ ሰብ እዮም ዝኽሰቱ ክበሃል ዝከኣል ኣይኮነን። እቶም ጠንቅታት እተፈላለዩ ክኾኑ ይኽእሉ። ሓደ ካብኡ ጸኒሑ ዝኽሰት ኣተሓሳስባ ክኸውን ይኽእል። ዘይተመጣጠነ ብልሒ ኣእምሮ ደቂ ሰብ፡ ንብልሒ ኣእምሮና ብዘይግቡእ ምጥቃም፡ ስእለ ኣእምሮና፡ … ገለ ካብቶም ጠንቅታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ፍልቀት ደቂ ሰብ እንተ ተዓዚብና፡ ምሕር እናተሓላለኹ ምስ መጽኡ፡ ዝኣም ንምብዳህ ዓቢ ብልሒ ኣእምሮና ክጠልቡ ጀሚሮም። እምበር፡ መሰረታዊ ተፈጥሮ ደቂ ሰብ ድንጋጸ እዩ። ብልሒ ኣእምሮ ድሒሩ ዝመጽአ ምዕባለ እዩ።

እዚ ክእለት ደቂ ሰብ፡ እዚ ብልሒ ኣእምሮ ደቂ ሰብ፡ ብዘይ ሚዛናውነት እዩ ማዕበለ። እወ ምስ ድንጋጸ ብግቡእ ከይተመዓራረየ ማዕበለ። ክንዲ ዝኾነ ኣዕናዊ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። ወረ ገና ናብ ሓደጋ ገጹ ይወስደና ኣሎ።

ቅልውላዋት ደቂ ሰብ ብሰሪ ንብልሒ ኣእምሮና ብዘይግቡእ ምጥቃም ይኽሰቱ እንተ'ልዮም፡ ንብልሒ ኣእምሮና ተጠቒምና፡ እዞም ቅልውላዋት ዘኽትምሉ መንገዲ ክንእልሽ ንኽእል ኢና። ብልሒ ደቂ ሰብን ሰናይ ባህሪ ደቂ ሰብን ብሓባር ኣብ ተግባር እንተ ወዒሎም፡ ኩሎም ተግባራት ደቂ ሰብ ሃነጽቲ ዘይኮኑሉ ምኽንያት የለን።

ንሓደ ሕያዋይ ልቢ ምስ ፍልጠትን ትምህርትን ከወሃሃዶ እንከለና፡ ንኣመለኻኽታን ማሰልን ካልኦት ሰባት ምኽባር ክንመሃር ንኽእል። እዚ መሰረት መንፈስ ምትዕራቕ ኮይኑ፡ ኣብ ምውጋድ መጥቃዕትን ምፍታሕ ቅልውላዋትን ከውዕል ይኽእል።

ከም ደቂ ሰብ መጠን ብዘሐ ዝገጥመና ዘለዉ ግርጭታትን ጐንጽን ብዝዕገድስ፡ እቲ ናይ መወዳእታ ፍታሕ ናይ ውሽጣውን ግዳማውን ቅልውላዋትና፡ ኣብ እቲ መሰረታዊ መፋጥርቲ ባህርና እዩ ዝምርኮስ። እቲ ባህሪ ኸኣ ድንጋጸ ወይ ምብቕባቕ እዩ።

ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ዘሎ ኣመለኻኽታ ካብዚ ኣቐዲምና ክንጠቕሶ ዝጸናሕና ምሕር እተፈልየ እዩ። ከም ርድኢት ምዕራባውያን፡ ደቂ ሰብ ብተፈጥሮና ብኣህነት እተገብእና ኢና። “ደቂ ሰብ ብተፈጥሮና ስሱዓት ኢና ጥራይ ዘይኮኑ ምጥቕቓዕን ምጽባእን ቀንዲ መሰረታዊ መፋጥርትና ስለ ዝኾኑ፡ ንባህልና ንሓያሎ ዘመናት ከዕብልልዎ ክኢሎም እዮም።” በሃሊቲ እዮም።

ብርግጽ ኣብ ታሪክ ኣንጻር ናይ እዚ ኣመለኻኽታ ዘለዎም ብዙሓት ሰባት ተቐልቂሎም እዮም። ንኣብነት፡ ፈላስፋ ደቪድ ሀዩም ኣብ መፋርቕ 1700ታት ብዛዕባ “ባህርያዊ ግብረሰናይ” (natural benevolence) ናይ ደቂ ሰብ ጽሒፉ ነይሩ። ብድሕሪ ሓደ ዘመን ዋላ ቻርለስ ዳርዊን ባዕሉ “ባህርያዊ ደፍኢት ርህራህ” ብዝብል ኣርእስቲ ዝርአታት ደቂ ሰብ ዝምልከት ጽሒፉ ነይሩ።

ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ብበለ ምኽንያት እቲ ዝያዳ ዘይትስፋው ኣመለኻኽታ ናይ ሰብኣውነት ሱር ክሰድድ ዝጀመረ፡ ብውሕዱ ኣብ መበል 17 ዘመን እዩ። ቀንዲ ጸላዊኡ ምኻኑ ዝጥቀስ ከኣ፡ ፈላስፋ ቶማስ ሆበስ እዩ። ንሱ ኣብ ዘርኢ ደቂ ሰብ ጸልመት ኣመለኻኽታ እዩ ነይርዎ። “ኣነ ኣንጻር ጕረባብተይ፡ ጕረባብተይ ኣንጻረይ” ዝብል ፍልስፍና ዘማዕበለ እዩ።

ንሱ ዝርኢ ደቂ ሰብ ከም ተጻባኢ፡ ተወዳዳሪ፡ ኣብ ቀጻሊ ቅልውላው ዝሸመም ከምኡ'ውን ከም ኣብ ገዛእ ርእሱ ጥራይ ዝግደስ ገይሩ ይገልጾ። ቶማስ ሆበስ ንሕያውነት ደቂ ሰብ ፈጺሙ ኣይኣምነሉን ነይሩ። ሓደ መዓልቲ ግዱ ኣብ ሓደ ጐደና ንሓደ ለማኒ እናተኸፈለ እንከሎ፡ ኣብ ዓይኒ ሰብ ኣትዩ።

ብዛዕባ ዝገበሮ ልግሲ ምስ ተሓተተ፡ “ኣነ ነዚ ተግባር ዝፈጸምክዎ ነቲ ለማኒ ንምሕጋዝ ኣይኮንኩን። ከምዚ ክገብር ዝተደረኽኩ ነቲ ለማኒ ብምርኣየይ ንዘወረደኒ ጸቕጢ ከቃልል ኢለ ጥራይ እዩ።” ዝብል ምላሽ ሂቡ።

ብተመሳሳሊ ስጳኛዊ ፈላስፋ ጆርጅ ሳንታያና፡ “ኣብ ደቂ ሰብ ብውሑድ ዓቕን ባህሪ ልግሲን ሓልዮትን ይርከብ። ዋላ'ኳ ህላወኦም ኣብ ደቂ ሰብ ዘየጠራጥር እንተኾኑ፡ ብሓፈሻ ክምንምሎ እንከለዉ። እቶም ባህርያት ድኹማት፡ ናይ ሓጺር ህሞትን ዘይርጉኣትን እዮም። እቲ ብዕምቈትን ብቐጻሊን ኣብ ባህሪ ደቂ ሰብ ዝርከብ እምብኣር ስስዐ እዩ።” ብምባል ተንቲኑ።

ቀዳሞት ምዕራባውያን ለቃውንቲ ስነ ፍልጠትን ስነ ልቦናን'ዚ ኣብዚኣ ርዒምሞ ጥራይ ዘይኮኑ'ዚ ኣሉታዊ ኣመለኻኽታ ከተባብዑ እዮም ጸኒሖም። እቲ ህቡብ ሊቕ ስነ ልቦና ዝኾነ ሲግመንድ ፍሩድ ከይተረፈ፡ “ተጻብኦ ባህሪ ደቂ ሰብ መፋጥርትና እዩ። ብዕምቈት ኣብ ውሽጥና ዝሰረተ ኸኣ እዩ።” ብምባል ገሊጽዎ እዩ።

ርበርት ኣርድረይን ኮንራድ ሎረንዝን ብወገኖም ኣብ ባህርያት ገለ ዘረፍቲ (predator) እንስሳታት ድሕሪ ዝገበርዎ መጽናዕቲ፡ ደቂ ሰብ ከማን ዘረፍቲ ምኻንና እዮም ደምዲሞም። “ደቂ ሰብ ብተፈጥሮና ንግዚኣትና ክንቐትል ወይ ክሰፍሕ ንኽንቃለስ ብውሽጥና ዝደፋፍኣና ባህሪ ኣለና።” ብምባል ጽሒፎም።

ካብ ቀረባ ዓመታት ኣትሒዙ ግን ዘወጽኡ ዘለዉ ዓሞቕትን ሰፋሕትን ምርምራት ግዱ ኣንጻር እቶም ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮም ምርምራት ወጽኢት ይህቡ ኣለዉ። ከም ወጽኢት እዞም ዳሕረዎት ምርምራት፡ ደቂ ሰብ ብተፈጥሮና በቑብቑትን ጭዋታትን ኢና።

ካብ ቅድሚ ሰለሳ ወይ ዕስራ ዓመታት ኣትሒዙ ዝቀላቐሉ ዘለዉ ብርክት ዝበሉ ስነ ፍልጠታውያን ምርምራት፡ ተጻብኢ ባህሪ መፋጥርትና ከም ዘይኮነ ዘረድኡ እዮም። ገለ ካብ ገዳዊ ባህርና ብዝተፈላለዩ ስነ ህይወታዊ፡ ማሕበራዊ ኩነታውን ኣከባብያውን ረቛሒታት ዝተጸልወ እዩ።

ካብ ዝተፈላለዩ ኩርናዕ ዓለም ብዝተኣኻኸቡ ኣስታት ዕስራ ዝበጽሑ ኣዝዮም ዓበይቲ ስነ ፍልጠታውያን፡ ኣብ 1986 ዝተኻየደ ዓሚቕን ሰፊሕን ምርምር ከም ዘረጋገጹ፡ ገዳዊ ባህሪ መፋጥርቲ ደቂ ሰብ ከም ዘይኮነ ኣግሂዶም። ንሱ'ዩም ኣብ ደቂ ሰብ ገዳዊ ባህሪ ከም ዘሎ ኣይክሕዱን። የግዳስ ደቂ ሰብ ብተፈጥሮና ኩናት ናይ ምውላዕ ድኽነት ካልእ ገዛእ ናይ ምንዛር ባህሪ የብልናን።

ብስነ ፍልጠታዊ ዓይኒ ክርአ እንከሎ፡ ደቂ ሰብ ብተወርሶ ገዳዊ ባህሪ እንማዕበለሉ ዝኾነ ምኽንያት የለን። ኣብ መትኒና ብጦቱ ክንከይድ ዝደፍእ የለን። መሰረታዊ ባህሪ ደቂ ሰብ ክምርመር እንከሎ፡ ኣብዚ ቐረባ ዓመታት መብዝሕትኦም ኣብቲ ዓውዲ መጽናዕቲ ዘለዉ ለቃውንቲ፡ “ደቂ ሰብ ብተፈጥሮና ጭዋታትን ሓልዩትን ኢና። የግዳስ ብዝተፈላለዩ ጽልዋታት ተጻባእትን ተዃጸትን ክንከውን ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። እቶም ተጻብኢ ባህሪ ዘማዕበሉ፡ ብስልጠና ናብ ንቡር ባህሮም ማለት ናብ ሓለይትን ጭዋታትን ክልወጡ ይኽእሉ እዮም።” ብምባል ይጽሕፉ ኣለዉ።

ኣብዚ ቐረባ ዓመታት ዳኒኤል ባትሰንን ናንሲ ኤዘንበርግን ዝተባህሉ ለቃውንቲ ኣብ ዘካየድዎ ምርምር፡ ደቂ ሰብ ናይ ልግሲ ዝንባለ ከም ዘለና ደምዲሞም። ገለ ስነ ፍልጠታውያን ከም በዓል ተማራማሪት ሕብረተሰብ ዶክተር ሊንዳ ዊልሰን ኣብ ዘካየደቶ ምርምር ከማን ርህራህ መፋጥርትና ምኻኑ ኣረጋጊጻቶ እያ።

ዶክተር ሊንዳ ዊልሰን ኣብ ኣማኢት ባህርያውያን ሓደጋታት ኣብ ዝገበረቶ መጽናዕቲ፡ ንግዳያት ሓደጋ ንምሕጋዝ ዝግበር ጻዕሪ ኣካል ርህራህ ደቂ ሰብ ምኻኑ እያ እትጠቕስ። ኣብ መንጎ ደቂ ሰብ ንሓድሕድና ንምትሕግጋዝ እነሰላስሎ ዘለና፡ ኣካል መፋጥርትና ምኻኑ ትኣምነሉ እያ።

“ምስ ካልኦት ሰባት ጠቢቕካ ናይ ምስራሕ ዝንባለና፡ ንስለ ጸቡቕ ካልኦት ሰባት ክንሰርሕ እንከለና፡ ንጉዳይ ካልኦት ልክዕ ከም ውራይና ገይርና ክንሕዞ እንከለና፡ … እዚ'ውን ካልኦትን መፋጥርትና እዩ። ኣካል ሓደ ጉጅለ ከም ዝኾንካ ክስመዓካ እንከሎ ደማቕ ንናይ ምንባር ዕድልካ ኣመና እዩ ዘስፍሖ።” በሃሊት እያ ዶክተር ሊንዳ።

“ሓቀኛ ሓጐስ … ብመንገዲ ርእሰ ዕግበት ኣይኮነን ዝርከብ፡ ብመንገዲ ቅንዕና ንኽብር ዕላማ እዩ ዝጭበጥ።” - ሄለን ከለር

**“እቲ ናይ ብሓቂ ምስጢር ሓጐስ፡ ኣብ ኩሎም ዝርዝራት ዕለታዊ ህይወት ተገዳስነት ምሕዳር እዩ ዝምርኮስ።” - ዊልያም ሞሪስ**

ይቕጽል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Condition Based Monitoring Supervisor**
   **Department: Process Plant**
   **Number Required: One (01)**

**Primary**

- The Condition Monitoring Supervisor is responsible for analyzing and reporting the health of plant equipment to proactively identify component, equipment and system issues and recommend corrective actions.
- Utilization of predictive maintenance programs and techniques to include vibration analysis, thermograph, oil analysis, ultrasound, ultrasonic and equipment condition monitoring technologies are critical to the success of this role.
- This position works closely with Process, Maintenance, Reliability team and Engineers to identify and resolve equipment related issues.

**Task description expanded to core performance areas**
**Planning**

- Ensure Condition Monitoring Program in the Process Plant is done in an efficiently and safely.

ESSENTIAL FUNCTIONS

- Developing, Implementing and managing Vibration database, Thermograph program, Ultrasound thickness program & Oil Analysis program for all plant assets,
- Perform Laser alignment tasks for critical and non-critical assets.
- Reports any major changes in equipment condition to the Plant engineer and maintain data in the computerized system and produces regular reports.

**Analyzing and Reporting**

- Carry out equipment performance analysis and check for equipment deterioration.
- Conduct analysis of routine VA, IR, NDT, data
- Report Oil Analysis results and associated corrective maintenance recommendations.
- Provide remote troubleshooting support to field technicians.
- Implement test procedures and special analysis of failure modes

**Planning & Scheduling**

- Execute PMO "Preventive Maintenance Optimization" and PMDB "Predictive Maintenance" projects
- Managing CBM weekly and shutdown activities
- Follow through direct management decision and present data in support.
- Ensure that the information system is updated and review the quality of the feedback

**Support the Reliability Function**

- Consults with Reliability Team on recommended corrective actions.
- RCA participation-provides relevant vibration and oil analysis history to support root cause analysis efforts.
- Execute or support root cause analysis exercises.
- Engage or support RCM studies on critical assets presenting performance issues.

**Health and Safety**

- Ensure Knowledge of health and safety policies, procedures and practices
- Managing Daily Toolbox and safety meetings
- Responsible to ensure that work area complies with the health and safety standard

**General**

- Relieve the Process Plant Maintenance Reliability Supervisor.
- Perform other duties related to this function to ensure the reliability of plant rotating equipment
- Coach and support the execution team in the development of comprehensive standard jobs
- Promote good Behaviour and world best engineering practices
- Train and coach national Technicians in his role

| • Qualifications | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Diploma in Mechanical Engineering from an internationally recognized institute/university.<br>• Minimum Education: Tech/Vocational Cert/ Apprenticeship or Secondary School Education, followed by addition Mechanical Trade Training with significant experience in the mechanical engineering discipline. An engineering degree would be an advantage.<br>• VA Cat II is a must, ML II, IR I, laser alignment<br>• RCM, ARP, RCFA skills | • 7-9 years of experience in condition monitoring and reliability maintenance in mineral Process |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| Computer literacy (MS Office - Intermediate, excel ); Vibration analysis and data base setup and management; Thermography analysis and reporting; Oil analysis reporting and corrective action; Ultrasound testing; Reliability centered Maintenance knowledge; Fault findings; RCA participation; Problem solving skill; Supervisory Experience; Safety reporting and actions; NDT and laser alignment | Communication (English); Assertiveness; Interpersonal Relations; Integrity; Prioritizing skills & multi-skilling; Ability to work towards strict deadlines; High level of accuracy; Good cultural awareness; Self-motivation. |

2. **Position: Auto Electrician**
   **Department: HME Maintenance**
   **Number Required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Responsible for electrical activities to maintain and or repair HME in the Workshop.

**Task description expanded to core performance areas**
**Planning**

- Follows the "Planned Maintenance Schedule".
- Follows daily job cards.

**Implementation of the plan**

- Identify the highest priority for each day and focus on completing relevant tasks.
- Carries out actual maintenance and repairs of Workshop in an efficient and effective way to minimize downtime. Makes use of Electronic Technical (Cat ET) system to diagnose problems.
- Performs regular inspections to detect potential problems before they cause breakdowns.
- Comply with mine's cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed. Identifies any hazards in the workplace.
- Removes defective parts and examines form and texture of parts to determine causes of failure.

**Reporting**

- Compile daily; progress auto electrical reports as requested.

| Qualifications | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Formal Trade for Ex-Pats (Auto electrician)<br>• Grade 12 for locals | • 3 - 5 years relevant experience |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate, ), Attention to detail, Analytical skill, Electrical experience, Problem solving skill | Communication (English); Assertiveness, Interpersonal Relations, Integrity, Prioritizing skills & multi-skilling, Ability to work towards strict deadlines, High level of accuracy, Discretion, Self-motivation |

- **General Information and other requirements:**
  - **Place of Work: Bisha.**
  - **Salary: As per Company salary scale.**
  - **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment permits**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

## Notice

Notice is hereby given to the public that ENFI-MCCT Mining Engineering Private Limited Company, an Eritrean private limited company, has been formed between the following members:

A. Members

| Name | Nationality | Address | Shares |
|---|---|---|---|
| China ENFI Engineering Corporation | Chinese | Beijing, China | 105 |
| MCC Tongsin Resources Ltd. | British Virgin Islands | Tortola, British Virgin Islands | 45 |

B. The head office of the company will be in Asmara, Eritrea and branch offices may be opened within Eritrea or abroad.

C. The company has a share capital of one million and five hundred thousand (1,500,000.00) United States Dollars (USD) at a par value of ten thousand (10,000) USD, each subscribed and fully paid-up in cash.

D. The objectives of the company are to be engaged in:

(i) general engineering, procurement, and construction contracts in the mining sector including mining, processing, gold oxide leaching systems, tailings and other installations, execution, operations and maintenance related to mining;

(ii) mining-related project operations and management; and

(iii) mineral resources trading.

E. The company has been established for unlimited period of time.

F. Mr. Zhang Qi has been appointed as the general manager of the company for unlimited period of time.

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ጉረባብቲ ኒጀር ንኢኮዋስ ኣጠንቂቐን

ብዕልዋ ስልጣን ጨብጦም ዘለዉ ወተሃደራውያን መራሕቲ ቡርኪና ፋሶን ማሊን ኣብ ልዕሊ'ታ ጉረቤቶም ዝኾነት ኒጀር ክውሰድ ዝኽእል ዝኾነ ወተሃደራዊ ስጉምቲ፡ እንተላይ ኣብ ልዕሊ ሃገራቶም ከምዝተኸፍተ ምዃኑ ከምዝርድኡ ኣጠንቂቖም።

እቶም መራሕቲ ነዚ መጠንቀቕታ'ዚ ዘውጽኡ፡ ኣብ ኣቡጃ - ናይጀርያ ተጋቢኦም ዝቐየ መራሕቲ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ (ኢኮዋስ)፡ እቲ ካብ ስልጣኑ ተዓልዩ ዘሎ ፕረዚደንት ኒጀር መሓመድ ባዙም ኣብ ውሽጢ 7 መዓልታት ናብ ዝነበሮ ክምለስ እንተዘይክኢሉ፡ ኢኮዋስ - ኣብ ልዕሊ'ቶም ዕልዋ ዝፈጸሙ ኣዘዝቲ ሰራዊት ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክወስድ ምዃኑ ድሕሪ ምጥንቃቑም እዩ።

"ኣንጻር ኒጀር ዝውሰድ ዝኾነ ወተሃደራዊ ስጉምቲ፡ ንመላእ'ቲ ዞባ ዝህውኽ ኣዕናዊ ሳዕቤናት ከኸትል'ዩ" ዝበሉ እቶም መንግስታት፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መራሕትን ኒጀር ንዝዋገር 'ዘይሕጋዊን ዘይሰብኣዊን' ዝበልዎ ማዕቀባት እውን ብትሪ ከም ዝቃወሙዎ ኣረጋጊጾም።

ንፕረዚደንት መሓመድ ባዙም ብ26 ሓምለ ካብ ስልጣኑ ድሕሪ ምእላው - ፈጸምቲ ናይቲ ዕልዋ፡ ንኣዛዚ ሓለዋ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት ዝነበረ ጀነራል ዓብዱራሕማን ትቺያኒ እዮም መራሒ ሃገር ክኾውን መሪጾሞ ዘለዉ።

ንሳቶም፡ ንፕረዚደንት መሓመድ ብምኽንያት ድኹም ምሕደራኡን ኣብ ኣተኣሳሊያ ጸጥታዊ ሰግኣታት ብዘኸትሎ ግጉይ ስይትራተጂን ካብ ስልጣኑ ከምዝኣለዩዎ እዮም ዝገልጹ።

እዚ ከም'ዚ ኣሉ እንከሎ፡ ፈረንሳ ኣብታ ሃገር ንዘርከቡ ዜጋታታን ዜጋታት ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳን ከተውጽእ ጀሚራ ከምዘላ ኣፍሊጣ።



ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ'ታ ሃገር ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዘርግሖ ሓበሬታ፡ ኣብ ኒጀር ጸረ-ፈረንሳ ስምዒታት ይግንፍል ከምዘሎ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እዚ ምስ'ቲ ተዓጽዩ ዘሎ ክሊ-ኣየር እታ ሃገር ተደሚሩ፡ ኣብኡ ንዝርከቡ ዜጋታት ኤውሮጳ ብናይ ባዕሎም መንገዲ ክወጽኡ ስለዘይኽእሉ፡ ፈረንሳ ብህጹጽ ንምውጻኦም ስጉምቲ ክትወስድ ከምእተገደደት ኣመልኪቱ።

ኢጣልያን ስጳኛን እውን፡ ኣሰር ፈረንሳ ብምስዓብ ዜጋታተን ካብታ ሃገር ንምውጻእ ነፈርቲ ልኢኸን ከምዘለዋ ኣፍሊጠን ኣለዋ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብ ሃገራት ምዕራብን ማእከላይን ኣፍሪቃ፡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመት ዘይመልእ ግዜ - ሕጂ ንመሻብዓይ ግዜ እዩ ወተሃደራዊ ዕልዋ መንግስቲ ዝተኻየደ ዘሎ።

## ኬንያ፡ ናብ ሀይቲ ፖሊስ ክትልእኽ ወሲና

ኬንያ፡ ናብታ ብጸጥታውን ፖለቲካውን ቅልውላው ትሕመስ ዘላ ሀይቲ፡ ኣብ ተልእኾ ምስፋን ጸጥታ ዝዋፈሩ ኣባላት ጸጥታ ክትልእኽ ምዃና ኣፍሊጣ።

እታ ሃገር ነዚ ተፍልጥ ዘላ፡ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረዝ፡ ኣብታ ካሪብያናዊት ሃገር ተፈጢሩ ዘሎ ዓሚቝ ጸጥታዊ ቅልውላው ንምፍዋስ፡ ካብ ሕቡራት ሃገር ወጻኢ ዝኾኑ ኣህጉራዊ ናይ ጸጥታ ሓይሊ ብህጹጽ ክዋፈር ናብ ባይቶ ጸጥታ ጻውዒት ድሕሪ ምቕራቡ እዩ።

ማዕከናት ዜና ኬንያ፡ ንጸሓፊ ካቢነ ጉዳያት ወጻኢን ዲያስፖራን እታ ሃገር ኣልፍረድ ሙቱዋ ብምጥቃስ ኣብ ዘርግሐኦ ዜና፡ ኬንያ፡ ኑቲ ብሕቡራት ሃገራት ዝቐረበ ምሕንጻጽ ብምቕባል፡ ኑቲ ኣብ ሀይቲ ክዋፈር ዝደለ ዘሎ ኣህጉራዊ ሓይሊ ክትመርሖ ወሲና ምህላዋ ሓቢረን።



እተን ማዕከናት ዜና ወሲኸን፡ "ኬንያ፡ ንኣባላት ጸጥታ ሀይቲ ኣብ ምስልጣንን ካልእ ሓገዛት ኣብ ምሃብን ዝጦፉ ሓደ ሽሕ ፖሊስ ክትሰድድ ምዃና ኣልፍረድ ሙቱዋ ሓቢሩ" ክብላ ገሊጸን።

በቲ ወሳኺ ዝተሓገሰ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረስ ከኣ፡ "ኬንያ ኑቲ ጻውዒት ብቕልጡፍ እወታዊ ምላሽ ክትህበሉ ምኽኣላ ዘሐጉሰ'ዩ" ክብል፡ ብመገዲ ምኽትል ኣፈኛኡ ኣብሉ ትማሊ ረቡዕ ገሊጹ።

ኣንቶንዮ ጉተረስ፡ ኣብ ሀይቲ ጸጥታን ግዝኣተ-ሕግን ንምንጋስ፡ ወተሃደራዊ ዕጥቂ ዝተዓጥቀ ገዚፍ ኣህጉራዊ ሓይሊ ናብታ ሃገር ክዋፈር ተደጋጋሚ ጻውዒት ከቕርብ ከምዝጸንሐ'ዩ ዝንገረሉ።

እንተኾነ፡ ገለ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ዝኾና ሃገራት፡ እቲ ኣብ ሀይቲ ተፈጢሩ ዘሎ ጸጥታዊ ቅልውላው ክፍታሕ ዝኽእል፡ ፖለቲካዊ መስርሕ'ታ ሃገር ንቕድሚት ከምዝሰጉም ምግባር ጥራይ ምዃኑ፡ እዚ ንምትግባር ድማ ህዝቢ ሀይቲ ዕድል ክወሃቦ ከምዘለዎ ብምግላጽ፡ ኑቲ 'ዞባዊ ወተሃደራዊ ሓይሊ ክዋፈር' ዝብል ሓሳብ ይቃወምኦ ከምዘለዋ'ዩ ዝሕበር።

## ፕረዚደንት ናይጀርያ፡ ክብሪ መነባብሮ ንምቅላል ስጉምቲ ይወስድ



ሓድሽ ፕረዚደንት ናይጀርያ ቦላ ቲኑቡ፡ ኣብታ ሃገር ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናዛረ ንዝኸይድ ዘሎ ክብሪ ዋጋታት መሰረታዊ ሃለኽቲ ነገራት ንምቅላል፡ ስጉምቲ ክወስድ ጀሚሩ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

እቲ ፕረዚደንት፡ ዝቤታዊ ከኣታት እታ ሃገር ኣመልኪቱ ብመስኮት ቴለቪዥን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኑቲ ሰፊሕ ህዝባዊ ናዕቢን ዝምታ ንብረትን ኣኸቲሉ ዝጸንሐ ክብሪ መነባብሮ ንምቁጽጻር፡ ካብቲ 'ንሕማቕ ግዜ' ተባሂሉ ኣብ ስትራተጂያዊ መኽዘናት ተዓቒሩ ዝርከብ እኽሊ 200 ሽሕ ቶን ክልቀቕ ኣዚዙ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ንመጠን መሃያ ሰራሕተኛታት'ውን ክብ ክብሎ ምዃኑ ቃል ዝኣተወ ፕረዚደንት ቦላ ቲንቡ፡ ኣብታ ሃገር ዝበለጸ መጠን መሃያ ዝኽፈሎ ናይ ስራሕ ዕድላት ንምምስሳን ከተባብዕ፡ ኣብ ጽላታት ሕርሻ፡ ሰንዓን ሽቓጣሽቐጥን ንዝተዋፈሩ ወገናት ድማ ፈናንሲያዊ ደገፍ ክዕበርን ምኽንያቱ'ውን ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኣብ ኑዳዲ ዝግበር ዝነበረ ድጎማ ብምትራፉ፡ ኣብ መጓዓዝያ ዋጋታት ናይጀርያ ክበድት ፈጢሩ ከምዘሎ'ኳ እንተተኣመነ፡ እቲ ስጉምቲ ግን ነታ ሃገር 1.3 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ካብ ተደሕን ከምዝሓገዛ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ቦላ ቲኑቡ ኣብ መወዳእታ፡ ብ129 ሚልዮን ዶላር ወጻኢታት ኣስታት 3 ሽሕ ኣውቶቡሳት ካብ ደገ ክዕደጋ ኣዚዙ ከምዘሎ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እተን ኣውቶቡሳት ምስ ኣተዋ ናብ መላእ ሃገር ብምዝርጋሕ፡ ኑቲ ኣብ ጽላት መጓዓዝያ ዝርአ ዘሎ ናህሪ ዋጋታት ኣብ ምግታእ ዓቢ ተራ ክጻወታ ምዃነን ገሊጹ።

## ተወሳኺ

ሎሪ ቫሎው ዝተባህለት ኣመሪካዊት ኣደ፡ "ምጽኣት ዓለም ኣኺሉ'ዩ" ብምባል ንኽልተ ደቃ ብምቕታላ፡ ሰይቲ-ሰብኣያ ንዝነበረት ሰበይቲ ክትቀትላ ውዲት ብምእላማ፡ ንሕልፈት ክትእሰር ተፈሪዳ።

እታ ኣብ ክፍሉሃገር ኣይዳሆ እትነብር



ጓል 50 ዓመት ኣደ፡ ሰዓቢት 'መውዳእታ ዓለም' (Doomsday) ዝተባህለ ሓድሽ እምነት ኩይና፡ ነታ ጓል 16 ዓመት ጓላን ነቲ ወዲ ሸውዓተ ዓመት ናይ ጡብ ወዳን "ናብ ገሃነም ምእንቲ ክትኣትዉ" ብዝብል ምኽንያት እያ ቀቲላቶም።

ናይ ክልተኦም ሬሳ ድማ፡ ኣብ 2020 ኣብ ገዛ እንዳ ሰብኣያ ብፖሊስ ተረኺቡ።

ንሳ በቲ ዝቐረበላ ክሰታት ገበን ኩይና ስለዝተረኽበት፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ሰሉስ ዝወዓለ መጋባእያ ንሕልፈት ክትእሰር ሰለስተ ግዜ ብዓና ናይቲ ቤት-ፍርዲ ከምእተወሰነ እዩ ቢ.ቢ.ሲ ዝሕበር።

ብመሰረት እቲ ሓበሬታ፡ ቻድ ደይበል ዝተባህለ ወልቀ-ሰብ እውን፡ ቅድሚ ምስሻ ሰበይቲ እዚኣ ሓዳር ምምስራቱ ንዝነበረት ሰበይቱ ብምቕታሉን ኣብ ቅትለት እዞም ቈልዑ ኢድ ክህልዎ ከምዝኽእል ብምጥርጣሩን ተኸሲሱ ኣሎ።

ዝመጽእ ዓመት ድማ ናብ ቤት-ፍርዲ ክቐርብ ቈጸራ ተዋሂብዎ ኣሎ።

## ኢንዶኔዥያ፡ ካብ ቱርኪ 12 ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ዓዲጋ

ኢንዶኔዥያ፡ ካብ ኩባንያ መፍረ-ነፈርቲ ቱርኪ (Turkish Aerospace) ብ300 ሚልዮን ዶላር ወጻኢታት 12 ሓደስቲ ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ (ድሮን) ከም ዝሸመተት ኣፍሊጣ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል'ታ ሃገር ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዘርግሖ ሓበሬታ፡ እቲ ዕድጊ፡ ኣካል ናይቲ ኢንዶኔዥያ ወተሃደራዊ ዓቕማ ብዘመናዊ ኣጽዋር ንምድራዕ እተገብሮ ዘላ ጻዕርታት ምዃኑ ገሊጹ።

እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ ኢንዶኔዥያ፡ ነተን ድሮናት ኣብ ውሽጢ 32 ኣዋርሕ



(ካብቲ ውዕል ዝኸተሎ ግዜ ኣትሒዙ ዝቑጸር) ክትረክበን ምዃና ሓቢሩ።

ኢንዶኔዥያ፡ ነቲ ግዝኣ ዘሕለፈ ዕጥቂ ዓጢቑ ከምዘሎ ዝንገረሉ ሰራዊታ ዘመናዊ ኣጽዋር ከምዝዕጥቕ ንምግባር፡ ኣብ ዝሓለፈ ሉኣቲት ነተን ድሮናት ንምሽማት ምስቲ ቱርካዊ ኩባንያ ውዕል ክቲማ ምንባራ ይዝከር።

እታ ሃገር ብዘይካ'ዚ፡ 'ሚራጅ 2000-5' ዝተባህላ 12 ነፈርቲ ውግእ ካብ ፈረንሳ ንምሻማት፡ ዝሓለፈ ጥሪ ናይ 800 ሚልዮን ዶላር ውዕል ክቲማ ምንባራ ኣዩርሳዕን።

እዚ ይኹን'ምበር፡ እተን ነፈርቲ ዘመናውያን ብዘይምዃነን፡ እቲ ውዕል ዕድጊ ካብ ሓያለ ወገናት ተቓውሞ ይገጥሞ ምህላዉ ይግለጽ።

ኢንዶኔዥያ ብተወሳኺ፡ ኣብ 2022 እውን ብ 8.1 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ካብ ፈረንሳ 'ሩፈይል' ዝተባህላ 42 ዘመናውያን ነፈርቲ ውግእ ንምሽማት ውዕል ከምዝኸተመት፡ ጸብጻባት የመልክቱ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ጃልያ | 2/8/2023 | ጎደና ሰኪዶቲ ቁ. 84፡ ፊት ቤት ትምርቲ ጃልያ | 110680 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ     ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services